# <u>ግንቦት 24, 2017 መበል 26 ዓመት በዓል ነጻነት ኣብ ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ</u>

ግንቦት 24, ንኤርትራውያን ሓንቲ ካብተን ኩቡራት ማዓልታት መብጽዓ ሰማእታትና እነሐድሰላ መዓልቲ እያ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ስደት ዘሎ ፈታው መንግስቱ ሃገሩን ሓፋሽ ህዝብናን ምክልኻል ሓይልታት ሃገርናን ነዛ በሪ ነጻነት ከፊታ ነታ ብደምን ዓጽምን ሰማእታትና ዝወከለት ሰንደቕ ዓላማና ከም ካልኦት ባንደራታት ዓለማት ኣብቲ ህዱእ ንፋን ሃገርና ከተንበልብል ዝገበረት መዓልቲ እያ። ኣብዛ ዕለት እዚኣ ህዝብና ኣብ ኣየናይ ኩርናዕ ዓለም ይሃሉ ብዘየገድስ ምስተን ዝነብረለን ከተማታት ሰበስልጣን ብምስምማዕ ባንደራና ብክብሪ ንሓደ ሰሙን ሙሉእ ኣብ ቀጽሪ ምምሕዳር ከተማ(City Hall) ማዕረ ማዕረ ምስታ ናይታ ሃገር ባንደራ ብኽብሪ ተሰቂላ ትቕኒ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሳን ሆዘ (San Jose) ካሊፎርኒያ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብወግዒ በቲ ምምሕዳር ከተማ ተቐባልነት ዝረኸበ ንልዕሊ ኣርብዓ (40) ዓመታት ዘገልገለ ማህበረ ኮም፡ ኣብ ግንቦት 24, 2017 ከም ቀደሙ ባንደርኡ ኣብዛ ዝተባህለት ዕለት ኣብ ምምሕዳር ከተማ ብኽብሪ ከተንበልብል ክትቅኒ ወግዓዊ ፍቓድ ብጹሑፍ ሓቲቱ ተፈቒዱ። ነዚ ጉዳይ ሓላፍነት ዝተዋህባ ሽማግለ ከምቲ ልሙድ ኩሉ ምድላዋታ ኣጻፊፋ ንህዝቢ መዓስን ሰዓት ክንደይን ኣብቲ ምምሕዳር ከተማ ከምዝርከብ ብጹሑፍን ብተለፎናትን ሓበረት።

እዚ ኮይኑ ከብቅዕ መዓልቲ ቆጸራ ውሑድ መዓልታት ክተርፎ ከሎ ብስም ማሕበረ ኮም ኤርትራ ሳንታ ክላራ ስሙ ባዕሉ ዘጠመቐ ጉጅለ ጸረ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝቃለስ፡ በቶም ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዘዋፍሩዎ ጠላማት ተላኢኹ መደብ ክብሪ ባንደራና ንምርሳሕ ንገለ ሰራሕተኛ ምምሕዳር ከተማ ሳን ሆዘ ብምሕባል ኣብቲ ንሕና ዘዳለናዮ መደብ ክኣቱን ኣዕናዊ ተልእኮታቱ ከስምዕን ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ክሳተፍ ሓተተ። ምምሕዳር ከተማ ሳን ሆዘ’ውን ተቐበሎ። ምምሕዳር ከተማ ንጠለብ ተቛወምቲ ከም ተቐበሎ ንሽማግለና ኣፍለጣ። እዛ ሽማግለ ብውሕሉልን ጭቡጥን ኣገባብ ብጹሑፍ እንታውነት ናይዛ ጸረ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዝኾነት ማ. ኮ. ኤ ሳ ክ. ባሃሊት ንከንቲባ ሳን ሆዘ ኣቕረበትሉ።

ምምሕዳር ከተማ ሳን ሆዘ ንክልትኤን ማሕበረ ኮም ብሓባር ክሰርሓ ጻዊዒት ኣቕረበ። እንተኾነ ግን ሽማግለ ማሕበረኾም ሳን ሆዘ ነቲ ጻዊዒት ብትሪ ተቛወ,መቶን ነጺገቶን። ነቲ ዝቐረበላ ሓሳብ ዘይሕጋዊ ፍትሒ ዝጎደሎ ከም ዝኾነውን ብትሪ ገለጸት። ብድሕሪ እዚ ምምሕዳር ከተማ ክልቲኤን ማሕበረ ኮማት ከይሳተፋ ነቲ መደብ ሰረዞ። እዚ ብሰኑይ ዕለት 5/22/2017 ድሕሪ ቀትሪ ክኸውን ከሎ፡ ሽማግለ ማሕበረኮም ሳን ሆዘ ብልሕን ዓቕልን ብዝመልአ ኣገባብ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት ከም ቀሊል ወሲዳ እቲ ዝተሓሰበ መደብ ብዝበለጸን ዝበዝሐ ህዝቢ ክእከበሉ ዝኽእልን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ኣዳልያ ኣብ መናፈሻ ( Park) ክካየድ ወሰነት። ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ ጉዳዩ ዘለዎ ተገዳስነት ዝተመስከሩ ካብ ግምት ንላዕሊ ኣብቲ ዝተመደበሉ ቦታ (Park) ከተፍ በለ። መደብ ክብሪ ባንደራና ብዓቢ ኣገባብ ተጸንበለ።

ከተማ ሳን ሆዘ ብወገኑ እቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ስለ ዝተጣራጠረሉ እዩ መስለኒ፡ ባንደራና ብኽብሪ ብሰራሕትኛኡ ገሩ ንሕና ይኹን ተቛወምቲ ኣብዘይብሉ ከም ናይ ዓሚ ኣብቲ ዝተመደበላ ዕለትን ሰዓትን ከም ዝሰቐላ ብወግዒ ንማሕበረ ኮምና ኣፍሊጡ። እዚ ማለት ንዓና ንማሕበረኮም ሳን ሆዘ ድርብ ዓወት እዩ። 1) ወይጦታት ዝሓሰቡዎ መደብ ምዕግርጋር ፈሺሉ 2) ምምሕዳር ከተማ ሳን ሆዘ ዘለዎ መርገጽ በሪሁልና። ኣብዚ ከየመስገናዮም ክንሓልፍ ዘይንደሊ ብጾትና ማሕበረ ኮም ኦክላንድ ንዘርኣይዎ ብጻያዊ ተሳታፍነት ዓቢ ኩርዓት ዝህብ’ዩ እሞ የቐንየልና ኣኽሪዕኩምና ክንብል ንፈቱ።

ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ክልተ ክጥቅስ፣
1) ወያነ ኣብ ውግእ ዶብ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሬሳታታ ኣብ ገዛ ገርህላሰ ጸናጹ ዡቸዥ እናበሉሎም ከለዉ ምክልኻል ሓይልታትና ነታ ቦታ ተቖጻጺሮማ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ኣይዞኻትኩም ገዛ ገርህላሰ እማ ንሕና ኢና እኔሄናያ እሎም ጻዕዳ ሓሶት ክሕሱዉ ከለዉ።
2) ባድመ ብፍርዲ ንዓና ምስ ተበየነት መራሕቲ ወያነ ባድመ ናባና ተፈሪዳ ኢሎም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሓሶት ኣዋጅ ክእውጁ ከለዉ ይዝከረኩም’ዶ?

እዞም ወይጦታት ድሕረ ግንባርና ስለ ዘይፈልጡ፡ ልክዕ ናይ መወልቶም እዮም ወሲዶም። ኣሰር እግሮም ከይሃሰሰ ንሰዓብቲ ህግደፍ ኣፍሺልናዮም ክብሉ’ዮም ተሰሚያም። ንሕና ግን ቃላትና ኣብ ምምሕዳር ከተማ ( City Hall) ኣካላትና



ድማ ኣብ ኬሊ ፓርክ (Kelly Park) ብሓንቲ እምኒ ክልተ ዑፍ ከምዝበሃል፣ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ባንደራ ክብረን ኣብዒልና።

## ግንቦት 24, 2017 ባንደራ ኤርትራ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ሳን ሆዘ።




ግንቦት 24, 2017 ባንደራና ኣብ ከሊ ፓርክ (Kelly Park Santa Clara)

ምስጋና ነቶም ነዚ ክዉን ዝገበሩ ብጾትና፡
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።